# ዓቢ ብስራት

## ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲ፣ መሪላንድ ቭርጂንያ ተመስረቱ

ንንውሕ ዝበለ እዋን ሰፊሕ መጽናዕትን፣ ልዝብን፣ ምድላዋትን ክግበረሉ ዝጸንሐ - ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲ፣ መሪላንድን ቭርጂንያን፣ ኣብ ድሮ ታሪኻዊ መዓልቲ ባሕቲ መስከረም - ምምስራት ጅግንነታዊ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ - ብዕለት 29 ነሓሰ 2020 ኣብ ዝተኻየደ ጉባኤ ብጽፉፍን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ተመስረቱ።

እቲ ብተክኖሎጃዊ ናይ ጉባኤ መሳርሒታት ተጠቒሙ ዝተኻየደ መስራቲ ጉባኤ፣ ኩሉም ስራሓቱ ብምሉእ ግሉጽነትን ዲሞክራስያዊ ኣገባብን ብኽምዚ ዝስዕብ ኣሰላሲሉ፦

1. መኽፈቲ ጉባኤ ፦ ብሓድነታዊ ሓይሊ ዕማም ባይቶ ኤርትራውያን መኽፈቲ ቃል ድሕሪ ምጅማር፣ ብኣቦ መንበር ባይቶ ይኣክል ሕቡራት መንግስታት ናይ ደገፍ መልእኽቲ ቀሪቡ። ስዒቡ፣ ኣብ ዝተናወሐ ዕዉት ሓርነታዊ ቃልስን፣ ኣብ እቲ ምእንቲ ፍትሕ ዲሞክራስያዊ ለውጥን ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊን ሃገራውን ቃልሲ፣ ዕዙዝ ግደን ኣበርክቶን ከተማ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኡን ዝገልጽ መልእኽቲ ቀሪቡ።
2. ብመሰረት እቲ ተደጋጋሚ ህዝባዊ ኣኼባታት ብምኽያድ ብእኹል መጽናዕትን ልዝብን ዝጸደቐ ዓንዲ ሕጊ ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲ፣ መሪላንድ ቭርጅንያ፣ ናይ መስራቲ ጉባኤ ተሳተፍቲ/ኣባላት ብመሰረት ዓንዲ ሕጊ ብምርግጋጽ፣ ኣምራጺት ሽማግለ መሪጹ።
3. ኣምራጺት ሽማግለ፣ ዓንዲ-ሕጊ ባይቶ ኤርትራውያን ምርኩስ ብምግባር፣ ነቶም ቅርጻ ዓንዲ-ሕጊ ባይቶ ኤርትራውያን ዘነጸሮም ኣካላት ንምምራጽ፣ ኣገባባት ሕጸን ምርጫን መስርሓቱን፣ ግደን ሓላፍነታትን ናይ እቶም ዝምረጹ ኣካላትን፣ መለለይታት ናይ ዝሕጸዩ ኣባላትን ኣብሪሁን፣ ቅደም ተኸተል ናይ ምርጫ ሰሪዑን።
4. ብመሰረት ዓንዲ ሕጊ ባይቶ፣ ሰክረታርያ ናይ ሓጋጊ ኣካል ባይቶ ንምምራጽ፣ ካብ 18 ንሕጸ ዝቐረቡ፣ 5 ንሕጸ ዝተቐበሉ ንምርጫ ቀሪቦም። ዝለዓለ ድምጺ ዘምጽኡ ሰለስተ - ሰክረታርያ ባይቶ ተመሪጾም።
5. ወከልቲ ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲን መሪላንድ ቭርጂንያ ንምምራጽ መድረኽ ተኸፊቱ። 14 ንሕጸ ክቐርቡ ከለዉ ፣ ካብኣቶም ንሕጸ ዝተቐበሉ 3 ብምሉእ ድምጺ ናይ ጉባኤ ተመሪጾም።
6. ስዒቡ፣ ፈጻሚ ኣካል ባይቶ ንምምራጽ መድረኽ ጉባኤ ንሕጸ ተኸፊቱ። 39 ንሕጸ ክቐርቡ እንከለዉ፣ 17 ንሕጸ ዝተቐበሉ ንምርጫ ቀሪቦም። እቶም ዝለዓለ ድምጺ ዘምጽኡ 11 ኣባላት ንፈጻሚ ኣካል ባይት ተመሪጾም። እቶም ካልኦት ብመሰረት ዘምጽእዎ ብዝሒ ድምጺ ተጠባበቕቲ ኮይኖም።
7. ድሕሪ ጽፉፍ ምርጫ ሰክረታርያ ባይቶን፣ ፈጻሚ ኣካልን ወከልቲ ከተማናን ፣ ናይ ርኢቶታትን ለበዋታትን መድረኽ ተኸፊቱ። ኣባላት ጉባኤ፣ ንጽፈት ምስንዳእን፣ ምኽያድን ጉባኤን፣ ውጽኢቱን ብዝምልከት፣ ሃናጺ ርኢቶትታ ኣቕሪቦም። ንዝተመርጹ ኣካላት ድማ ኣገዳሲ ለበዋታት

ሂቦም። ታሪኻዊ ምምስራት ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲን መሪላንድን ቨርጂንያን ብግሉጽን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ተኻይዱ።

ኣምራጺት ሽማግለ
ታሪኻዊ ምስረታ ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲ፣ መሪላንድ፣ ቨርጂንያ
29 ነሓሰ 2020